ዕለት 05/04/2024

ሓበሬታ!

እዚ ድሕረ ግምባር(ፒኩድ ሃኦሬፍ) ጸጥታዊ ኩነታት እስራኤል ኣመልኪቱ ዝኾነ ዘውጸኦ ሓበሬታ እኳ እንተ ዘየለ፡ ኣብ ዝሓለፉ ማዓልታት ዘጋጠመ ምቕንጻል ኢራናዊ ጀነራል ኣብ ሶርያ ስዒቡ ኢራን ግብረ መልሲ ክትህብ ተኽእሎ ስለዘለ፡ መብዛሕቲኦን ምምሕዳራት ከተማታ ህዝባዊ መዕቆቢኦን ኣዳልየን ንኣጎልጉሎት ክፉት ከም ዝገበራ ብወግዒ ይእውጃ ኣለዋ።
ነዚ ጸጥታዊ ኩነታት ስዒቡ ዝወጸ ዝኾነ ሓዱሽ መምርሒ እኳ እንተ ዘይሃለው፡ ከም ሕብረተሰብ ኣብ ምንቅስቓሳትና ምጥንቃቕ ክንገብርን ስሬና ኣብ እንሰምዓሉ ግዜ ናብ ኣብ ከባቢና ኣብ ዝርከቡ ውሑሳት መዕቆቢ ክንኣቱን ይግባእ።
ካብ ኢራን ክመጽእ ዝኽእል መጥቃዕቲ ብዝያዳ ዕላመኦም ናይ ምውቃዕ ተኽእሎ ዘለዎም ምዕቡላት ዝኾኑ ሚሳያልት ስለዝኾነ፡ ስሬና ኣብ እንሰምዓሉ ንውሕስነትና ከም ቅድሚ ሕጂ ሸለል ካብ ምባል ክንቁጠብ ይግባእ።
ጎድኒ ጎድኒ እዚ፡ ኣስጋኢ ጸጥታዊ ኩነታት እስራኤል ክሳብ ማዓስ ክጽነሕ እዩ ስለዘይፍለጥ ኣብ እነውጸኦም ወጻኢታት ቁጣቤ ክንገብርን ካብ ዘይተደለዩ ወጻኢታት ክንቁጠብን ኣለና። ልክዕ ከም ኣብ እዋን ኮሮና ከም ሕብረተሰብ ዝኾነ መንግስታዊ ቁጽባዊ ውሕስነት ስለ ዘይብልና ሕጂ ኣብ እንገበሮ ወጻኢታት ቁጠባ ብምግባር ጽባሕ ክፍጠር ዝኽእል በዳሂ ኩነታት ንምብዳህ ክሕግዘና ይኽእል እዩ።

ሓዱሽ ሓበሬታ ኣብ ዝህሉወሉ ግዜ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ግዜኡ ክንሕብር ኢና።

ሰላም የውርደልና

ERITREAN NEW HOPE ORGANIZATION
Eritreannewhope@gmail.com
+972583627576